# ሰለማዊ ሰልፊ ጀኔቫ

ካልኣይ ክፋል

መደበ ዕለት ስለማዊ ሰልፊ ጀኔቫ ቀሪቡ ተሰተፍቲ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ናይ ኣእምሮ መገሻ ተጸሚዶም ኣለው። ጽቡቕ ናይ ዓወት መዓልቲ ኮይኑ ክድምደም ድማ ናይ ኩሉ ድላይ ሰላምን ፍትሒን ኢዩ።

እዛ ቆይማ ዘላ ምንቅስቓስ ሓይሊ ዕማም ኣብ ልዕሊቲ ሰሪዓቶ ዘላ መዓልታዊ መደባት ድሕሪ ሰለማዊ ሰልፊ ምዝዛሙን ኣብ መንጎ ናይ ዕለት 1 መስከረም ምጅማሩን ዘሎ ጊዜ ነቲ ኣብ ሰለማዊ ሰልፊ ዝወዓለ ህዝቢ ምእንቲ ነቲ ቅድሚ ሎሚ ዝነበረ ናይ ቃልሲ ሐጎጽጎጽ ሃዲኡን ተሓላልዩን ተኸባቢሩን ብሐደ ሰሚሩ ንረብሐ ህዝቢ ከቐደምን ክሐስብን ፖለቲካውን ሞራላውን ሐዘል ሰሚናር እንተ

ዝወሃብ ነቲ ናተይ ጥራይ ኢዩ ቅኑዕ ሐሳባት ዝብል ህንዱድ ድልየታት ንናይ ካልኦት ኣብ ማእከሉ ዘለዉ ሰባት ሐሳባት ዘይቅበልን ኣብ ግምት ዘይእቱን

ዝነበረ ኣካል ንነገራት ጽን ኢልካ ናይ ምስማዕን ሓሳባትካ ምስ ናይ ካልኦት ኣብ ሐደ ከተቐምጥ ምኽኣል ዕድል ክፈጥር ይኽእልዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ደለይቲ ፍትሒ ኣብ ሐደ ተሰማሚዖም ክሰርሕሎም ዝኽእሉ ዝነበረ ብዙሐት ጽቡቓት ናይ መድረኽ ዕድላት ሐሊፎሞ ኢዮም።

እዚ ናይ ሎሚ መድረኽ እምብኣር ንደለይቲ ፍትሒ ጥራይ ዘይኮነስ ንደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ዝነበሩ ዝሐወሰ ስለዝኾነ ሕጂውን ካብ ሕሉፍ ድኽመታትና ወጺእና ጸገም ህዝብና ቀዳምነታቱ ኣትሒዝና ንምዕዋቱ ብዝከኣለና ሐይሊ ክንሰርሕ ኣሎና።

እዚ ንሃገራዊ ቅዋም ኣብ ትሽትሹ ሐቢኡ ብዘይ ሕግን ፍትሕን ንህዝቢ ኣስጊኡን ኣፍሪሑን ዝገዝእ ዘሎ ናይ ሐደ ሰብ ስርዓት ኣብ ክንዲ ጸገማት ናይ ውሽጢ ሃገር ዘገድሶ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ስለ ዝዓዘዘ መንግስትን ተቓወምትን ኢትዮጵያ ንኽጥርንፍን ክዓርቕን ዝጽዕር ዘሎ ሰብ ስልጣኑ ብህዝቢ ተገዲፉ ሰላምን ደሞክራሲን ኣብ ሃገርና ምእንቲ ክትከል ድሕሪ ሰለማዊ ሰልፊ ጀኔቫ ዝቐርብ መደባት ዕዮና ኣነጺርና ንቀጻልነት ስርሑ ተማእዚዝና ከነዓውቶ ተቢዕና ብንቕሐት ተበጊስና ንጽዓር።

መበገሲ ዕማም ስራሕና፣

1. ሃገራዊ ቁዋም ኣብ ገብሪ ይውዓል፣
2. ናይ ፖለቲካ እሱራት ይፈትሑ፣
3 ልሳን ህዝቢ ዝኾኑ እሱራት ጋዘጠኛታት ይፈትሑ፣
4. ሃገራዊ ኣገልግሎት ገደብ ይገበረሉ፣
5. ስደት ጠጠው ይበል፣
6. ዶባትና ይተሐንጸጽ፣

ልቦና ንደለይቲ ፍትሒ ይሃብ፣

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና፣

ገብረዝጊ ኣፈወርቂ